# ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኽተ

# ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋጣሚ

# ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

# IX



ሰለሙን በርሀ

ከምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ዝተገልጸ፡ እዛ ዝተፋነናያ ወርሒ ሚያዝያ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ብ'ኽልተ ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመታት ትዝከር። በቲ ኣብ 1993 ዝተኻየደ ልኡላውነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ብድምጺ ህዝቢ ሕጋውነቱ ዝደርዓሉ እጹብ ድንቂ ፍጻመን በቲ ኣብ 2002፡ ድሕሪ ሓያል ወተሃደራዊን ሕጋዊን መኽተ፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ ብይን ዝረኸበሉ ዓወትን። ቅድሚ 30 ዓመት፡ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝነበረ መዓልታት፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ነቲ መሪር ቃልሲ ኣሕሊፉ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ዘረጋገጾ ሰብኣዊን ሃገራዊን መሰሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ፡ ረፈረንዱም ብምክያድ፡ ብድምጹ ሕጋውነቱ ኲሊዑ፡ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ከም ህዝቢን ሃገርን ብዕሊ ዘረጋገጸሉ፡ ፍስሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ቅንያት እዩ ነይሩ። ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከምዝተገልጸ፡ ግዝኣተ ሕጊ፡ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ኣብ ስነኣእምሮ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓሚቑ ሰረት ዘለዎ፡ ንዘመናት ተኹስኩሱ ዝተሃንጸ ባህልን ልምድን ድማ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣበየ ከባቢኡ ጽሑፍን ዘይጽሑፍን ሕግታት ዝነበሮ፡ ብሕግታት እንዳባ እናተዳነየ፡ ንሕጊ እናተማእዘዘ፡ ብስልጡን ኣገባብ ዝመሓደር ዝነበረ ስልጡን ህዝቢ'ዩ።

እንተኾነ፡ እዚ ዘይናቱ ዘይደሊ፡ ዓመጽን ጎነጽን ዘይፈቱ፡ ብሕግን ስርዓትን ምንብባር ዝለማዱ ስልጡን ህዝቢ፡ ሕማቕ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኣብ ታሪኹ፡ ግዝኣተ ጫካ ብዝእምነቶም ተጻባእቲ፡ ቀጻሊ ወራራትን ዝምታን፡ ኣንጻር ባህርያቱ ዝኾነ ከቢድ ዓመጽን ርግጸትን ሕግን'ዩ ገጢምዎ። ሓደ ካብ ደረኽቲ ረቛሒታት ናይቲ ዓመጽ፡ ዓይኒ ገበትቲ ዝስሕብ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ጸጋታትን ኤርትራ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ኤርትራ ዝነውሐ ገምጋም ናይቲ ቀንዲ ኣህጉራዊ ንግዳዊ መስመር ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ስለእትውንን፡ ብፍላይ ድሕሪ ምዝርዛር ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ጉዳይ ልኡላውነታ መዋገዒ ረብሓታት ናይቶም ነዚ ወሰናስን'ዚ ኪቈጻጸሩ ዝደልዩ ርእሰ ሓያላን እዩ ኮይኑ። በዚ ድማ'ዩ፡ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ መግዛእቲ ኣብ ዝላቐቓሉ ዝነበራ፡ ግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ፡ ንኤርትራ ብስም ፌደረሽን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብምቑራን፡ ናብ ኢትዮጵያ ክትጥቕለል ፈሪድዋ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ከምቲ ባህሉ፡ ኣብ ዓለማዊ ሕጊ ብዘሕደሮ ጽኑዕ እምነት፡ ነዚ ዓመጽ'ዚ፡ ፈለማ ብሕጋዊን ሰላማዊን ኣገባብ'ዩ ተቓዊምዎ። ዝረኸቦ መልሲ 9ይን መወዳእታን ክፋል ግን ብኣንጻሩ'ዩ ነይሩ። ገዛእቲ ኢትዮጵያን ጎይቶቶምን፡ ንሕቶ መሰል ህዝቢ ኤርትራ፡ ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ኪደቑስዎ ሃቂኖም። እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ከኣ፡ ወካሊ ማሕበረሰብ ዓለም ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ባዕሉ ዚወሰኖ ብይን ፈደረሽን ተጣሒሱ፡ ቅሉዕ ዓመጽ እናተፈጸመ፡ ዓይኑ ዓሚቱ፡ ከምዘይረኣየ ኪኸውን ምምራጹ እዩ። በዚ ድማ ህዝቢ ኤርትራ፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ንምርግጋጽ ብዘይካ ዕጥቃዊ ቃልሲ ካልእ ኣማራጺ ኣይተሓድገሉን። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ከኣ፡ ነቲ ኣብ 40ታትን 50ታትን ንመሰል ርእሰ ውሳነኡ ዘካየዶ ሕጋዊ፡ ሰላማዊን ፖለቲካዊን ቃልሲ፡ ናብ ካልእ ዝተፈልየ ምዕራፍ ብምስግጋር፡ ብገዛእ ቅልጽሙ ብብረታዊ ቃልሲ መሰሉ ኬረጋግጽ፡ ንነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎ ነቒሉ።

ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ቀዳሞት ኤርትራውያን ተጋደልቲ፡ ሰንደቕ ሃገራዊ ቃልሲ ብምልዓል፡ ሕድገት ዘየፍቅድ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዘግሃዱሉ እኳ እንተነበረ፡ ከም ዝኾነ ታሪኻዊ መስርሕ፡ እቲ ቃልሲ፡ ካብ ፈለማ፡ ዓወት

ዘጐናጽፍ ብቕዓት ኣማሊኡ ኣይነቐለን። በዚ ምኽንያት ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ቃልሲ ኬዐውት ዝኽእል ብቑዕ ውድብ ንምፍጣር፡ ብርሱን ውሽጣዊ ቃልሲ ክሓልፍ ግድን'ዩ ነይሩ። በዚ ውሽጣዊ ቃልሲ'ዚ ዝተፈጥረ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ከኣ፡ ነቲ ቃልሲ ከዐውት ዝኽእል ቅኑዕ መኣዝን ብምትሓዝ፡ ንመላእ ህዝቢ ዜስመረን ሓድነቱ ዜትረረን ሰፊሕ ናይ ቃልሲ ባይታ ብምፍጣር፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዓለምና ክኸውን በቒዑስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ዋጋ ዝኸፈለሉ ቃልሲ ብኣንጸባራቒ ዓወት ኣብ ምዕራፉ ኣብጺሕዎ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቀጽሪ ህዝባዊ ግንባር ተጠርኒፉ ነዊሕን መሪርን ቃልሲ ኣብ ዘካየደሉ እዋን፡ ኣብ መንጎ ኲሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቋንቋ፡ ባህሊን ማሕበራዊ ቦታን ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንዳኞ፡ ኲሎም ዜጋታት ከም ዕላማ ዝወስድዎ፡ ዝኣምንሉ፡ ዝምርሕሉ፡ ዝከላኸልሉን ዝስውኡሉን መትከላት ብምምዕባል፡ ብመንነቱ ዝሕበን፡ ኣብ ገዛእ ሰብኣዊ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማን ዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝባዊ ስነኣእምሮ ክፈጥር በቒዑ እዩ። ነቲ ዓለም ዘይከኣል ዝበለቶ ቃልሲ ኣንጻር ሓያላን ከምዝከኣል ዝገበረ ከኣ፡ ብቐንዱ እዚ ክብርታት'ዚ እዩ። ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ዝቃለሰሉ ዝነበረ ነዊሕ ዓመታት፡ ስቕታ ማሕበረሰብ ዓለምን ደገፍ ኣሳሰይቲን ዘሻደኖም ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ግፍዒታት እዮም ፈጺሞም። እንተኾነ ግፍዒታቶም ንህዝቢ ኤርትራ ኣርዒዱ ከንበርክኾ ኣይከኣለን። ንሰውራ ኤርትራ ውዒልና ሓዲርና ክንድምስሶ ኢና ዝብል ግጉይ ቅማረ ስለዝነበሮም ከኣ፡ ጉዳይ ኤርትራ ብስልጡንን ሕጋዊን መገዲ ንምፍታሕ ዘርኣይዎ ቅሩብነት ወይ ዝወሰድዎ ተበግሶ ኣይነበረን። ምርጫኦም ንፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ምጭፍላቕን ዳግም ከምዘይልዓል ምግባርን ጥራይ ስለዝነበረ፡ ዘይተኣደነ ሓገዝ ርእሰ-ሓያላን ኣመሪካን ሕብረት ሶቭየትን እናሰነቑ ነዊሕ ተረባሪቦም።

ብኣንጻሩ ህዝቢ ኤርትራ፡ መሰሉ ንምርግጋጽ፡ ብረት ኣልዒሉ ኣብ ዚምክተሉ ዚነበረ ግዜ እውን እንተኾነ፡ ጉዳይ ኤርትራ ብሰላማዊን ሕጋዊን ኣገባብ ኪፍታሕ ደጋጊሙ ካብ ምጽዋዕ ኣይተቘጠበን። መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ሕዳር 1980 ዓ.ም. ዘቕረቦ እማመ ረፈረንዱም ሓደ መርኣያ ናቱ እዩ። ሰማዒ እዝኒ ግን ኣይረኸበን። ኣብ መወዳእታ ግዳ፡ ኲሉ ተፈቲኑ፡ ስነ-ሞጎት ሓይሊ ንሓቂን ፍትሒን ከጥፍእ ኣይተኻእሎን። ወተሃደራዊ ዕንደራ ገዛእቲ ኢትዮጵያን ዘራያቶምን ድማ ኣብ መኸተ ፍትሒ መኺኹ። ህዝቢ ኤርትራ፡

ኣብ ዓለምና ሒደት መዳርግቲ ጥራይ ብዘለዎ ኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት፡ ብገዛእ ቅልጽሙ፡ ኣኽሊል ሓርነቱ ደፊኡ። እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ እምነቱ ኩሉሳዕ ኣብ ሕጊ'ዩ ዝነበረ። ክንዲ ዚኾነ፡ ድሕሪ'ዚ ኣዝዩ ዘኹርዕ ዓወት'ዚ እውን ብሓይሊ ኣይተነየተን። ብገዛእ ፍቓዱ፡ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ ዚሳተፍዎ ህዝባዊ ረፈረንዱም ዓዲሙ፡ ብምዕሩግን ስልጡንን ኣገባብ፡ 99.8% "እወ ንናጽነት" ብምድማጽ፡ ነቲ ብተኣምራታዊ ወተሃደራዊ ቅያ ዘረጋገጾ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ኲሊዑ፡ ግቡእ ሃገራዊ ክብሩ ኣረጋጊጹ። ውጽኢት ረፈረንዱም ኣብ ዝተገልጸሉ ቅንያት፡ ናይ ሽዑ ዋና ጸሓፊ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ "ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ድሌቶም ብሕጋዊን ሰላማዊን መገዲ ከይገልጹ ንነዊሕ ዓመታት ተሓሪምዎም ጸኒሑ እዩ። በዚ ከኣ ከቢድ ዕንወት ዘስዓበ ነዊሕ ኲናት ተኻይዱ። እዚ ረፈረንዱም'ዚ እምበኣር፡ ኣብ ክንዲ ድሌት ህዝብታት ንምዕምጻጽ ሓይሊ ምጥቃም፡ ጉዳያት ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ምፍታሕ ስልጡን ኣገባብ ምኻኑ ንኹሉ ትምህርቲ ዚህብ'ዩ" ኢሉ ገሊጹ ነይሩ።

ብርግጽ ድማ ዓቢ ትምህርቲ እዩ። ስነ-ሞጎት ሓይሊ፡ ጉዳያት ኪሓላልኽን ኬምርርን እንተዘይኮይኑ፡ ፍታሕ ዘምጽእ ከምዘይኮነ፡ ኣብ ዞባናን ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምናን እንርእዮ ዘለና ነውጺን ዕግርግርን ምስክር እዩ። እዚ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ፍጻመ ዚኾነ ረፈረንዱም፡ ኣብ ግዜኡ፡ ዘመሓላልፎ ሓቂ እንተነይሩ እምበኣር፡ ሓቂን ፍትሒን፡ ጸኒዑ ዚቃለሰለን ንቑሕ ህዝቢ ክሳብ ዝረኸባ፡ ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ክድፈና ከምዘይክእላ እዩ። እንተኾነ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርግ ብደገፍ ህዝቢ ኤርትራን መሪሕ ውድቡን መንበረ ስልጣን ኣዲስ-ኣበባ ዝተክአ ስርዓት ወያነ እውን፡ ካብዚ ዓቢ ተሞኩሮ'ዚ ኣይተማህረን። ሕጊ ኣልቦነት ቀዳሞት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ወሪሱ፡ ብስነሞጎት ሓይሊ፡ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ፍትሒ ከዐውት፡ ካብ 1998-2000 ኣብ ዝነበረ ክልተ ዓመታት ብዶብ ኣሳቢቡ ንህዝቢን ሃገርን ኢትዮጵያ ዝለከመ ከቢድ ቅዝፈትን ዕንወትን ዘኸተለ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ኣካይዱ። ግን ኣይሰለጦን። ህዝቢ ኤርትራ፡ በቲ ፍሉጥ ናይ መኸተ ያታኡ፡ ነቲ ገዚፍ ወተሃደራዊ ዕንደራ ኣምኪኑ፡ ከምቲ ልማዱ፡ ንስርዓት ወያነ ከይፈተወ ኣብ ሕጊ ከምዝደንን ገይሩዎ። እቲ ስርዓት ወያነ ከም መመሳመሲ ዘቕረቦ ጉዳይ ዶብ፡ ኣብ ሕጋዊ መጋባእያ ቀሪቡ ብ13 ሚያዝያ 2002 ብይን ተዋሂብዎ። ወርሒ ሚያዝያ ድማ ዳግማይ ንልዕልና ሕጊ መስኪራ።

እንተኾነ መስርሕ ዳንነት ፍትሒ ምስ ኣድመጸ እውን እንተኾነ፡ ስርዓት ወያነን ደገፍቱን ልዕልና ሕጊ ክቕበሉ ትብዓት ኣየርኣዩን። ኣብ ውዱእ ጉዳይ፡ ካብ ፈጻሚ ሕጊ ክሃድሙ ነዊሕ ኣዕለቢጦም። የግዳስ ካብ ሕጊ ንምህዳም ዝተገብረ ኩሉ ዓይነት ፈተነታት፡ ዘዋጽእ ኮይኑ ኣይተረኽበን። ግዜ ድማ ናቱ መልሲ ሒዙ መጺኡ። ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ፖለቲካዊ ለውጢ ተኣሳሲሩ፡ እቲ ንሰላምን ምትሕብባርን ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዓንቃጺ ኮይኑ ዝጸንሐ ኩነታት ተቐይሩ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ስምምዕ ኣልጀርስን ብኡ መሰረት ዝተዋህበ ብይንን ብዘይ ቅድመኩነት ክትግበር ብምውሳን፡ ነቲ ዝጸንሐ ኩነተ-ኣይሰላም ኣይ-ኲናት ዘብቅዐ ታሪኻዊ ስጉምቲ ወሲዱ። ዓመተ 2018 ድማ፡ ድሕሪ ኣስታት 20 ዓመት ሕጋዊ መኸተ ውዒሉ ሓዲሩ ተዓዊቲ ምኺኑ መስከረ። ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያ በቲ ንረብሓ ግዳማውያን ሓይልታት ከገልግል ዝተሃንደሰ ስትራተጂ፡ ከቢድ ጉድኣት ወሪዱዎም፡ ገዚፍ ናይ ግዜን ዕድላትን ክሳራ ገጢምዎም'ዩ። ድሕሪ'ዚ ኹሉ ጸገም፡ ድሕሪ ናይ ኣስታት 20 ዓመታት ኩነት ተጻብኦ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ስርዓት ለውጢ መጺኡ፡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ሓድሽ ናይ ታሪኽ ምዕራፍ ኣብ ዝተሰጋገርሉ እዋን፡ ኩሎም ደለይቲ ጽቡቕ፡ "ደጊም ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ ጸልማት ዘመን ወጺኡ፡ ትስፉው መጻኢ ናብ ዘማዕድወሉ መድረኽ ክድይብ'ዩ" ዝብል ተስፋ ኣሕዲሮም ነይሮም። ብርግጽ ድማ፡ ንዞባዊ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ውህደት ባይታ ዘጣጥሕ፡ ሰፊሕ ዕድል ተፈጢሩ ነይሩ'ዩ።

የግዳስ ዘራጊ ከሎ ጽሩይ ማይ ምስታይ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ብቑጥዐ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ስልጣን ዝተኣልየ ጉጅለ ወያነ፡ ብምትብባዕ ናይ ቀደም ኣሸቀልቱ ኣመሪካን መሻርኽታን ብዝፈጠሮ ህውከት፡ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ተስፋ ዘንበሩሉ ሓድሽ ምዕራፍ ናብ ካልእ ቅልውላው ኣትዩ። እዚ ግዝያዊ ዕንቅፋት'ዚ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ 80 ዓመት ህዝቢ ኤርትራ ዝሰገሮ ከቢድ ብድሆታት ብምንጽጻር፡ ከቢድ ኣይኮነን። ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ተሰጊሩ፡ ኣብ ዞባና ዝተኸስተ ሓድሽ ምዕራፍ፡ ናብ ዝሓሸ ኩነት ክሰጋገር ምኺኑ ድማ ኣየማትእን። እንተ ሓንካሪ ተራ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣካል ናይቲ ኣመሪካ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዓለም እትፍጽሞ፡ ህዝቢ ዓለም ብዓይኑ ዝዕዘቦ ዘሎ መኣዝኑ ዝሰሓተ ስትራተጂ እዩ። ብምዝራግ ሰላምን ርግኣትን ቀርኒ ኣፍሪቃን ከም ውጽኢቱ ተፈጢሩ ዘሎ ዘሕዝን ፖለቲካዊን ሰብኣዊን ቅልውላውን ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ተሓታቲ ከኣ ምምሕዳር ኣመሪካ እምበር ካልእ ኣይኮነን።

ሓዳስ ኤርትራ

21 ሚያዝያ - 5 ግንቦት 2023